# ዝተመሓየሸ መተሓዳደሪ ደንብን መመስረቲ ፅሑፍን ማሕበር ልምዓት ኢሮብ

# /ማ.ል.ኢ./

Tigrai Interim Regional Justice Bureau Documentats, Authentication and Registration Directorate

ሓምለ 29/2015 ዓ/ም

ተመሓይሹ ዝወፀ ደንቢ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ሓምለ 29/2015 ዓ/ም

ደንቢ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ዝወፀ ብመሰረት 1952 ዓ/ም ዝወፀ ፍ/ሕጊ ኢ.ትዮጵያ ብምኻኑ ፍታብሔር ሕጊ ድማ ኣብ ኣወዳድባ ማሕበራት ዘሎ ምዕራፍ ብፌደራል ኣዋጅ ቁፅሪ 621/2001 ከምኡ'ውን 1113/2015 ስለ ዝተስዓረ ነዚ ናይ ፌደራል ኣዋጃት መሰረት ገይሩ ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 327/2011 ብፍ/ሕጊ ተመዝጊቡ ዝፀንሐ ማሕበር እንደገና ኣብ ኣጀንሲ ክምዝገብ ከም ዘለዎ ስለ ዝድንግግ ዝፀንሐ ደንቢ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ምስ ቁፅሪ ኣዋጅ 1113/2015ን 327/2011 ብዝሳነ ኣገባብ ምምሕያሽ ስለ ዘድሊ፤

ኣወዳድባን ቅርፂን ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ህዝቢ ኢ.ሮብ ገጢሙዎ ንዘሎ ማሕበራዊ፤ ቁጠባውን ስነ ልቦናውን ብድሆታት ብምቕራፍ ስሉጥን ውፅኢታውን ግልጋሎት ምሃብ ኣድላይ ኮይኑ ስለዝተረኽበ፦

ኣመራርሓ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ናብ ስልጣን ዝመፁሉ፤ ኣብ ስልጣን ዝፀንሑሉ፤ ካብ ስልጣን ዝወርዱሉን ዝሕተትሉን ስርዓት ብንፁር ብምቕማጥ ግልፅነትን ተሓታትነትን ብምስፋን ንስራሕቱ ጠመተ ሂቡ ክመርሕ ዘኽእሎ ኩነታት ምትዕርራይ ኣድላይነቱ ብምእማን:-

እዚ ደንቢ ቅድሚ ምውፃኡ ኣብ ስራሕ ዝነበረ ደንቢ ዝነበሩዎ ክፍተታት ንምሽፋን ሓድሽ ደንቢ ምውፃእ ኣድላይ ኮይኑ ስለዝተረኽበ፦

ናይ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ተሓታትነትን ናይ ህዝቢ ኢ.ሮብ ተጠቃምነትን ምርግጋፅ ምእንታን ክከኣል ማ.ል.ኢ. ስርሑ ብሕጊ መሰረት ምስራሑ ብምቁፅፃር ግልፅነትን ተሓታትነትን ምስፋን ኣድላይ ብምኻኑ፤

ሓፈሻዊ ጉባኤ ብመሰረት ደንቢ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ዓንቀፅ 36 ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት እዚ ደንቢ ኣመሓይሹ ኣውፂኡ ኣሎ።

# ምዕራፍ ሓደ
# ሓፈሻዊ ድንጋገታት

Tigrai Interim Regional Justice Bureau Documentation and Registration Directorate

## ዓንቀፅ 1. ርእሲ

1. መፀወዒ ሽም እቲ ማሕበር "ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ" ተባሂሉ ይፅዋዕ።
2. እዚ ደንቢ ተመሓይሹ ዝወፀ መተሓዳደሪ ደንቢ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ቁፅሪ 5/2015 ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 2. ኣርማን ማህተምን

እዚ ማሕበር ናይ ባዕሉ ኣርማን ማህተምን ይህልዎ። ኣርማን ማህተምን እቲ ማሕበር ባህሊ፥ መንነት፤ ልምዓትን ተስፋን ህዝቢ ኢ.ሮብ ዘንፀባርቕ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 3. ምጥያሽን ዋና ቤት ፅሕፈትን ማ.ል.ኢ.

1. ማ.ል.ኢ. ብዕለት 08/11/1995 ዓ/ም ዝተመስረተ ማሕበር እዩ።
2. እዚ ማሕበር ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ፤ ዘይመትረፈ ማሕበር ኮይኑ ካብ ዝኾነ ዓይነት ፅዕንቶ ነፃ ይኸውን።
3. እዚ ማሕበር ንዘይተወሰነ ግዜ ዝተመስረተ እዩ።
4. ዋና ቤት ፅሕፈት እዚ ማሕበር ኣብ ከተማ ዓድግራት ኮይኑ ከከም ኣድላይነቱ ብውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ ክውሰን ይኽእል።
5. ኣብ ካሊእ ቦታ ጨንፈር ቤት ፅሕፈት ወይ ወኪል ክህልዎ ይኽእል።
6. ኣብ ወረዳ ኢ.ሮብ ናይ ፕሮጀክትታት መፈፀምን መተሓባበርን ቤት ፅሕፈት ይህልዎ።
7. ኣብ መቐለ ኣራኻቢ ቤት ፅሕፈት /liason office/ ይህልዎ።

## ዓንቀፅ 4. ትርጉም

1. ኤጀንሲ ማለት ብመሰረት ኣዋጅ ቁፅሪ 327/2011 ሕጋዊ ኣፍልጦ ዝተውሃቦ ኤጀንሲ ምርግጋፅ፤ ምዝገባ ሰነዳትን ወሳኒ ኩነትን ክልል ትግራይ እዩ።
2. ህዝቢ ኢ.ሮብ ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ ወረዳ ኢ.ሮብ ዝነብር ህዝቢ ኮይኑ ኣብ ካሊእ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝርከብ ኢ.ሮበታይ ዝሓውስ እዩ።
3. "ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ" ማለት በቲ ተወላዲን ፈታውን ኢ.ሮብ ዝተመስረተ ማሕበር ማለት እዩ።
4. " ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ" ምሕፃረ ቃሉ ማ.ል.ኢ. ተባሂሉ ይፅዋዕ።
5. "ማሕበር ልምዓት" ማለት ንኣባላቱ ብምትሕብባር ወይ ሕብረተሰብ ንልምዓት ብምልዕዓልን ብምእማንን ስራሕቲ ልምዓት ዘካይድ እዩ፣
6. 'ደንቢ' ማለት መተሓደሪ ሕገ ማሕበር ማለት እዩ።

7. ዋና ቤት ፅሕፈት ማለት ብመሰረት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዝህቦ መደብን ኣንፈትን ዕለታዊ ንጥፈታት ማሕበር ንምፍፃም ዝተጣየሸ ቢሮ እዩ።
8. ጨንፈር ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ማለት ንማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ብኣባልነትን ብእቶትን ንምጥንኻር ዝተኣታተወ ኣወዳድባ እዩ።
9. 'ኣባል' ማለት ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ዝመስረተ ወይ ድማ ድሕሪ ምምስራት ኣባል ንምዃን ብሰናይ ፍቓዱ ኣባል ዝኾነ፣ ዕላማታትን ተግባራትን እቲ ማሕበር ዝትግብርን ዘተግበርን ሰብ ማለት እዩ።
10. ክብሪ ኣባል ማለት ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ተግባራዊ ብምግባር ብገንዘብ፤ ብንዋት፤ ብሞያን ብጉልበትን ዝለዓለ ኣበርክቶ ብምግባሩ ዝምረፅ ሰብ እዩ።
11. ፍሉይ ኣባል ማለት ኣባል ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ኮይኑ ዕላማታት ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ተግባራዊ ንምግባር ብገንዘብ፤ ብንዋት፤ ብሞያን ብጉልበትን ዝለዓለን ፍሉይን ኣበርክቶ ብምግባሩ ዝምረፅ ሰብ እዩ።
12. ክብሪ ማህደር ማለት ናይ ክብሪ ኣባል ወይ ፍሉይ ኣባል ዝገበሮ ኣስተዋፅኦ ዝሰፍረሉ ማህደር እዩ።
13. ጉባኤ ማለት ብመሰረት እዚ ሕገ ደንቢ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመረፁ ኣባላት ዝተፈላለዩ ውሳነታት ዘሕልፍሉ ከይዲ እዩ።
14. 'ሓፈሻዊ ጉባኤ' ዝበሃል ጠቕላላ ኣባል እቲ ማሕበር ወይ ድማ በቲ ማሕበር ዝተወከሉ ኣባላት እዮም።
15. ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ' ዝበሃል ብሓፈሻዊ ጉባኤ ዝምረፅ ኮይኑ ጠቕላላ ናይቲ ማሕበር ምንቕስቃስ ስራሕቲ ዝመርሕ እዩ።
16. ዳይርክተር ማለት ዳይርክተር ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ማለት እዩ።
17. 'ኦዲትን ቁፅፅርን ኮሚቴ ማለት ጠቕላላ ንብረትን ገንዘብን እቲ ማሕበር ዝቆፃፀርን ዝፍትሽን ኣካል እዩ።
18. ስራሕ መካየዲ ማለት ንዕለታዊ ስራሕቲ ማ.ል.ኢ. ብላዕለዋይነት ዝመርሕ ሰብ እዩ።
19. ድስፒሊን (ስነ-ስርዓት) ኮሚቴ' ማለት ካብ ስነ-ስርዓት እቲ ማሕበር ወፃኢ ዝኾኑ ኣባላት ጥፍኣቶም ኣፃሪዩ ውሳነ ሓሳብ ዘቕርብ እዩ።
20. "ሰብ" ማለት ተፈጥሮኣዊ ሰብ ወይ ሕጋዊ ሰብነት ዝተውሃቦ ኣካል እዩ።

**ዓንቀፅ 5. ኣገላልፃ ፆታ**

ኣብ እዚ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታ እውን ዝሓውስ እዩ።

**ዓንቀፅ 6. ወሰን ተፈፃምነት**

እዚ ደንቢ ኣብ ልዕሊ ኣባላትን ኣመራርሓን ማ.ል.ኢ. ተፈፃሚ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 7. መትከል**

1. እዚ ማሕበር ካብ ፖለቲካዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ከባብያውነት፤ ፆታዊን ዓሌታውን ካልኦትን ኣድልዎን ኣመለኻኽታን ነፃ ዝኾነ እዩ።
2. ሕድሕድ ኣባል ማዕረ ድምፂ ይህልዎ።

3. ኣባልነት ኣይውረስን ወይ እውን ብውክልና ኣይመሓላለፍን።
4. ካብቲ ማሕበር ዝኾነ ኣባል ብዝኾነ ምክንያት እንትእገድ ወይም ብፍቓዱ እንትወፅእ ካብ ማሕበር ዝሓቶ ንብረት፤ ገንዘብ ይኹን ዝኾነ ይኹን ጥቕሚ ኣይህሉን።
5. ነዚ ደንቢ ዝፃባእ ዲሒፉ ዝወፀ ሕጊ፤ ልማዳዊ ኣሰራርሓን ውሳነ ማሕበርን ተፈፃምነት የብሎምን።

## ዓንቀፅ 8. ዝርዝር ኣባላት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ

ብዕለት 18/10/2015 ዓ/ም ኣብ ዝተኻየደ 6ይ ሓፈሻዊ ጉባኤ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ንዝቕፅሉ 3/ሰለስተ/ ዓመታት ነዚ ማሕብር ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንብና ብምሉእ ትግሃትን ተኣማንነትን ንኸመርሑ እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ኣመራርሓ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ኮይኖም ተመሪፆም ኣለዉ፦

| ተ.ቁ | ሙሉእ ሽም | ዜግነት | ኣድራሻ | ሓላፍነት | ክታም |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ኣባ ጉዕሽ ኣብራሃ ወልዱ | ኢ.ትዮ.ጵያዊ | መቐለ | ዳይርክተር | |
| 2 | መ/ምር ወ/ማር.ያም ብስራት ገብራይ | ኢ.ትዮ.ጵያዊ | ዓድግራት | ም/ዳይርክተር | |
| 3 | መ/ምር ወዛም ተስፋ በርሀ | ኢ.ትዮ.ጵያዊት | ዓድግራት | ፃሓፊት | |
| 4 | ኣባ ሓጎስ ወልዱ ተስፋይ | ኢ.ትዮ.ጵያዊ | ዓድግራት | ኣባል | |
| 5 | ሲ/ር መድህን ተስፋይ ፍሰሕ | ኢ.ትዮ.ጵያት | መቐለ | ኣባል | |
| 6 | ወ/ሮ ኣልማዝ ካሕሳይ ጊደይ | ኢ.ትዮ.ጵያዊት | ዓድግራት | ኣባል | |
| 7 | ዶ/ር ሽፋረ በርሀ ገብሩ | ኢ.ትዮ.ጵያዊ | ዓድግራት | ኣባል | |
| 8 | ዶ/ር የማነ ሃይሉ ፍስሕ | ኢ.ትዮ.ጵያዊ | ዓድግራት | ኣባል | |
| 9 | ኣይተ ጊደይ ማሓሪ ተስፋይ | ኢ.ትዮ.ጵያዊ | መቐለ | ኣባል | |
| 10 | መ/ምር ዳኒኤል ዝግታ ገ/መድህን | ኢ.ትዮ.ጵያዊ | ዓድግራት | ኣባል | |
| 11 | ኣይተ ካሕሳይ ተካ ሓጎስ | ኢ.ትዮ.ጵያዊ | መቐለ | ኣባል | |
| 12 | መ/ምር ኣበበ ወ/ገርግስ ገብራይ | ኢ.ትዮ.ጵያዊ | ዳውሃን | ኣባል | |

## ዓንቀፅ 9. ራእይ

ካብ ድኽነትን ድሕረትን ነፃ ዝኾነ ምዕቡል፤ ብመንነቱን ሓድነቱን ዝኾርዕ ህዝቢ ኢ.ሮብ ምርኣይ።

## ዓንቀፅ 10. ልኡኽ

ምስ ህዝቢ፤ ውልቀ ሰባት፤ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብምትሕብባር ናይ ልምዓት ምንቅስቓሳት ምቅልጣፍ፣ ናይ ስራሕ ፈጠራታት ምትእትታውን ዕድል ስራሕ ምፍጣርን ከምኡ'ውን ኣብ ኩሉ ልምዓታዊ መድረኻት ሞያዊ ሓገዝ ምሃብ ይኸውን። ብሓፈሻ ኣባላትን ካልኦት ናይ ልምዓት ኢጋራትን ገንዘቦም፣ፍልጠቶም፣ጉልበቶምን ንዋያቶምን

Tigrai Interim Regional Justice Bureau Documents Authentication and Registration Directorate

ብምውዳድ ኣብ ናብራ ሕብረተሰብ ዝቕይሩን ከባቢያዊ ልምዓት ዘረጋግፁን ስራሕትታት ምስታፍ ይኸውን።

ዓንቀፅ 11. ዕላማ

ሀ. ሓፈሻዊ ዕላማ

1. ቀንዲ ዕላማ እቲ ማሕበር ብተናፀል ክስርሑ ዘይኽእሉ ናይ ልምዓት ስራሕትታት ምስ ተወላዳይን ፈታውን ኢሮብ ፣ መንግስትን ካልኦት ናይ ልምዓት ገበርቲ ሰናይ ትካላትን ብምትሕብባር ብዘይገለ ናይ ሃይማኖት፣ ፆታን ዘርእን ኣፈላላይ ኣተሓባቢርካ ብምስራሕ ኩለመዳያዊ ለውጢ ብምምፃእ መነባብሮ ሕብረተሰብ ምብራኽ ይኸውን።

ለ. ፍሉይ ዕላማ

1. ትምህርቲ ናይ ኩሉ መሰረት ብምኻኑ ሕብረተሰብ ኣብዚርያ ልምዓት ትምህርቲ ክዓስል ብምግባር ተበፃሓይን ዕሬቱ ዝሓለወ ግልጋሎት ትምህርቲ ብምሃብ ብቅዓት ዘለዎን ብደረጃ ዓለም ተወዳዳሪ ዝኾነን ዜጋ ምህናፅ።
2. መንነት፤ ባህሊ፤ ቋንቋ፤ ታሪኽ፤ ቕርስታት፤ ፀጋታትን ክብርታትን ህዝቢ ኢሮብ ምዕቃብን ምልማዕን።
3. ኣብ ኩሎም ዕላታት ዘጋጥሙ ፀገማትን ብድሆታትን ብፅንዓትን ምርምርን ዝተደገፈ መፍትሒ ምንዳይ።
4. ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ወፃኢ ሃገራት ዝነብር ህዝቢ ኢሮብን ፈታዊ ህዝቢ ኢሮብን ብምልዕዓልን ብምውዳብን ኣብ ኩሉ መደያዊ ልምዓት ኢሮብ ዓቕሙ ዝኽኣሎ ክበርክት ምግባር።
5. ኣብ ኩሎም ዓውድታት ኣድማዕነት ምእንታን ክውስኽ ጥዕናኡ ዝተሓለወ ሕ/ሰብ ክህሉ ምግባር።
6. ኣቀማምጣ መሬት ኢሮብ ናብ ግምት ዘእተወ ምስፍሕፋሕ መሰረተ ልምዓትን ሕፅረት ማይን ምቕራፍ።
7. ናይ ህዝቢ ኢሮብ ኩለመደያዊ ፀገም ምቕራፍ ወይ ንምቕላል ዘኽእል እቶት ምትእኽካብን ህዝቢ ናብ ሓደጋ ዘውድቕ ናይ ተፈጥሮ ይኹን ሰብ ስራሕ ክስተት እንተጋጥም ኣብ ሓደጋ ንዝወደቐ ህዝቢ ምርዳእ።
8. ህዝቢ ብፍላይ ድማ መናእሰይ ኣብ ስሩዕ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ዝወስዱዎ ትምህርቲ ብተወሳኺ ዘለዎም ክፍተትን ሕፅረትን ኣቓዲምካ ብምልላይ ተወሳኺ ስልጠናን ህንፀትን ክረኽቡ ምግባር። ንኩሉ ክሓውስ ኣላዎ
9. ህዝቢ ኢሮብ ካብ ተፀባይነትን ምፅዋትን ነፃ ወፂኡ ብምግቢ ዓርሱ ንክኽእል ምእንታን ናይ እቲ ከባቢ ፀጋ መሰረት ዝገበረ ሕርሻ ምድንፋዕን ምንክብካብ ሃፍቲ ተፈጥሮን።
10. ህዝቢ ኢሮብ ብፍላይ ድማ መናእሰይ ብኣካል ምንቅስቓስን ብኣእምሮን ብኩሉመደያዊ ምዕባለን ኣብ ዓለምና ብፂሖቶ ዘላ ደረጃ ክበፅሑ ንባዕልቶም ካብ ጎዳእቲ ልምድታት

ዓቂቦም ንባዕሎም ተጠቂሞም ናይ ህዝቦም ፀገም ኣብ ምፍታሕ ኣበርክቶኦም ክገብሩ ምግባር።

11. ብሰንኪ ማሕበራውን ቀጠባውን ፀገማት ኣብ ዝኸፍአ ሽግር ዝፎከቡ ወገናት ፍሉይ ትኩኩረት ብምግባር ፀገሞም ክቃላል ወይ ክውገድ ምግባር።

## ምዕራፍ ክልተ

## ኣወዳድባ፤ ስራሕን ሓላፍነትን ማ.ል.ኢ.

### ክፍሊ ሓደ

### ኣወዳድባ ማ.ል.ኢ.

ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮ.ብ እዞም ዝስዕቡ ኣካላት ኣመራርሓን ክፍልታትን ይህልዉ.ዎ።

**ዓንቀፅ 12. ሓፈሻዊ ጉባኤ**

1. ሓፈሻዊ ጉባኤ ናይ እዚ ማሕበር ዝለዓለ ኣካል ኣመራርሓ ኮይኑ ተጣይሹ ኣሎ።
2. ኣባላት ሓፈሻዊ ጉባኤ ኩሎም ኣባላት እቲ ማሕበር ወይ ከዓ እቲ ማሕበር ዝወከሎም ኣባላት እዮም።

**ዓንቀፅ 13. ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ**

1. እዚ ማሕበር ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ይምራሕ።
2. ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዝበሃሉ፦
   ሀ. ዳይርክተር
   ለ.ም/ዳይርክተር
   ሐ. ፀሓፊ
   መ.ካልኦት ኣባላት እዮም
3. ተሳትፎ ኣብ ወፃኢ ሃገራት ዝነብሩ ኣባላት መሰረት ዝገበረ ኮይኑ በዝሒ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ 15 እዮም።
4. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተቐመጠ እንተሃለወ እውን በዝሒ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ በቢ እዋኑ ኣድላይነቱ ኣብ ግምት ብምእታው ብውሳነ ሓፈሻዊ ጉባኤ ዝውሰን ይኸውን።

**ዓንቀፅ 14. ኮሚቴ ኦዲትን ቁፅፅርን**

1. ኮሚቴ ኦዲትን ቁፅፅርን ሰለስተ ኣባላት ይህልዉ.ዎ።
2. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተጠቐሰ ሕልው ኮይኑ ዝሐሸን ቅልጡፍን ስራሕ ንምስራሕ ኦዲትን ቁፅፅርን ኮሚቴ ሰብ ሞያን ካልኦት ኣባላትን ሓገዝቲ ክገብር ይኽእል እዩ።
3. ኣካያዲ ስራሕ ወይ ኣባላት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ኣባላት ኮሚቴ ኦዲትን ቁፅፅርን ኮይኖም ክሰርሑ ኣይኽእሉን። ከምኡ እውን ምስ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ወይ ምስ ኣካያዲ ስራሕ ናይ ስጋ ዝምድና ካብ 4ይ፤ ናይ መውስቦ ዝምድና ካብ 2ይ ብርኪ ንታሕቲ ክኸውን የብሎን።

## ዓንቀፅ 15. ኮሚቴ ዲስፕሊን

1. ኮሚቴ ዲስፕሊን ብብርኪ ማሕበር ሓሙሽተ፥ ብብርኪ ጨናፍር ሰለስተ ኣባላት ይህልዉ'ዮ።
2. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተጠቐሰ ሕልው ኮይኑ ዝሐሸን ቅልጡፍን ስራሕ ንምስራሕ ኮሚቴ ዲስፕሊን ሰብ ሞያን ካልኦት ኣባላትን ሓገዝቲ ክገብር ይኽእል እዩ።

## ዓንቀፅ 16. ክፍልታት

1. ማ.ል.ኢ. ብደረጃ ማሕበር እዞም ዝስዕቡ ክፍልታት ይህልዉ'ዮ፦
   ሀ. ክፍሊ ትምህርቲ
   ለ. ክፍሊ ዕቀባን ምዕባለን ባህሊ፤ ቋንቋ፤ ታሪኽን መንነትን
   ሐ. ክፍሊ ስነ ሞያን ዕንዓትን ምርምርን
   መ. ክፍሊ ምልዕዓል፤ ምውዳብን ርክብ ህዝብን
   ረ. ክፍሊ ጥዕና
   ሰ. ክፍሊ ኣቕርቦት ፅሩይ ማይን መሰረተ ልምዓትን
   ሸ. ክፍሊ እቶት ምትእኽኻብን ተራድኦን
   ቀ. ክፍሊ ስልጠናን ህንፀት ዓቕሚ ሓይሊ ሰብን
   በ. ክፍሊ ስነ-ምግቢ፤ ሕርሻ፤ ምንክብኻብ ከባብን ሃፍቲ ተፈጥሮን
   ተ. ክፍሊ መናእሰይን ስፖርትን ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታትን
   ቸ. ክፍሊ ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም ወገናት
   ነ. ክፍሊ ደቂ ኣንስትዮ
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ 1 ዝተሓገገ ከም ዘሎ ኮይኑ ናይ እቲ ማሕበር ዓቕምን ቀፃሊ ምዕባለን ኣብ ግምት ብምእታው ነቲ ናይ ማሕበር ስራሕ ኣሳልጦን ብቕዓትን ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ተወሰኽቲ ክፍልታት ክጣየሽ ይኽእል።

## ዓንቀፅ 17. ኣመሰራርታ ኮሚቴታት ጨናፍር

1. ኮሚቴ ጨናፍር ብኣባላት ዝምረፁ ሓሙሽተ ኣባላት ይህልዉ።
   ሀ. ኣቦ ወንበር
   ለ. ምክትል ኣቦ ወንበር
   ሐ. ፀሓፊ
   መ. ሒሳብ ሹም
   ረ. ተሓዚ ገንዘብ
   ሰ. ኦዲተር
   ሸ. ማሕበራዊ ግልጋሎት እዮም።

## ክፍሊ ክልተ
## ስራሕን ሓላፍነትን ኣካላት ኣመራርሓን
## ክፍልታትን ማ.ል.ኢ.

**ዓንቀፅ 18 ስራሕን ሓላፍነትን ሓፈሻዊ ጉባኤ**

1. ሓፈሻዊ ጉባኤ ናይ'ቲ ማሕበር ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ኣካል እዩ።
2. ናይቲ ማሕበር ኣመሓዳድራ ኣመልኪቱ ናይ መወዳእታ ውሳነ ይህብ።
3. ናይ ማሕበር መተሓዳደሪ ደንቢ ብ75% የማሓይሽ የፅድቅ።
4. ነቲ ማሕበር ዝመርሑ ኣመራርሓ ኣካላትን ካልኦት ንኡሳን ኮሚቴታትን ይመርፅን ገምጊሙ የውርድን።
5. ናይቲ ማሕበር ምንቅስቓስ ዝገልፅ ኦዲት ሪፖርት ይሰምዕ፤ በጀት፣ ጉልበትን ፍልጠትን ኣብ ትኽክለኛ ስራሕ ዝወዓለ ምዃኑ መርሚሩ ውሳነ ይህብ።
6. ናይቲ ማሕበር ሕጋውነትን ከይዲ ልምዓትን ይቆፃፀር።
7. ስራሕ ፈፀምቲ ዘውፅእዎ ትልሚ ይግምግምን የፅድቕን።
8. ናይ ማሕበር በጀት የፅድቕ። ናይቲ ማሕበር ካፒታል ንዝተፈላለዩ ስራሕቲ በጀት ይምድብ።
9. ብኣቕራባይነት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዝቐረበሉ ናይ ክብሪ ኣባል ይኹን ፍሉይ ኣባል መርሚሩ የፅድቅ።
10. ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ፣ኦዲትን ቁፅፅርን ኮምቴ፣ድስፕሊን ኮሚቴን መማረፂ ኮሜቴን ይመርፅ።

**ዓንቀፅ 19. ኣፀዋውዓን ስነ-ስርዓት ዋዕላን ሓፈሻዊ ጉባኤ**

1. ሓፈሻዊ ጉባኤ ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ይፅዋዕ።
2. ሓፈሻዊ ጉባኤ ብዳይርክተር ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ይምራሕ።
3. ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ይካየድ።
4. ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ብ75% ድምፂ ህፁፅ ጉባኤ ክፅውዕ ይኽእል።
5. ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ኣብ እዋን መረፃ ጉባኤ ንምክያድ ፍቓደኛ ከይኮነ እንተተረሩ ናይ ኣቦ ወንበራት ጨናፍር ሓፈሻዊ ጉባኤ ብምፅዋዕ ካብ 5 ክሳብ 7 ኣባላት ዘለዉዎ ኮሚቴ ብምጥያሽ ጉባኤ ክካየድ ይግበር።
6. ምልኣተ ጉባኤ ዝማላእ 50+1 እንድሕር ተረኺቦም ይኸውን።
7. ውሳነ ዝመሓላለፍ ብኣብዛሓ ድምፂ ይኸውን። ኮይኑ ግና ማዕረ ድምፂ እንትወሃብ ዳይርክተር ዘለዎ ድምፂ ተፈፃሚ ይኸውን።
8. ኣኼባ ሓፈሻዊ ጉባኤ እንትፅዋዕ ቅድሚ ክልተ ሰሙን ንኣባላት ሓፈሻዊ ጉባኤ ክበፅሖም ብዝክእል መፀዋዕታ ይፅዋዕ።

## ዓንቀፅ 20. ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ

1. ተፀዋዕነቱ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ይኸውን።
2. ኣብ 3ይ መወዳእታ ዓመት ሓድሽ እንትካየድ ኣብ ሓፈሻዊ ጉባኤ ክሳተፉ ዝግበኦም በዝሒ ኣባለላት ኮታ ይውስን።
3. መምርሕታት፣ መስርሕታትን ማኑዋላትን መርሚሩ የፅድቕ።
4. ናይ'ቲ ማሕበር ጠቕላላ ምንቅስቓስ ይቆፃፀር።
5. ኣብ ትሕቲኦም ዝርከቡ ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን ብዝተውሃቦም ሓላፍነት መሰረት ይሰርሑ ምህላዎም ይቆፃፀር።
6. ሓላፍነቱ ዘይተዋፀአን ዝጎደለን ኣባል ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ክትካእ ይገብር።
7. ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝሰርሑ ስራሕቲ ይቆፃፀርን ይእግድን።
8. ኦዲተራት ኣብ ዝሰርሕሉ ጊዜ ንዘጋጠሞም ፀገማት መፍትሒታት ይህብ።
9. ዝኾነ ኣባል ብማሕበር ዝተመሓላለፈ ውሳነ፤ ደንብን መምሪሒታትን ማሕበር ካልኦት ኣግባብነት ዘለዎም ሕግታት ዝጥሕስ ዘሎ ምዃኑ እንድሕር ፈሊጡ ንእጀንሲ ከመልክት ኣለዎ።
10. ኣባል ከሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዝኾነ ሰብ ብተደራቢ ስራሕ ኦዲተር ወይ ኣካያዲ ስራሕ ኮይኑ ክሰርሕ ኣይኽእልን ከምኡ እውን ናይ ቤት ፅሕፈት ስራሕ ክሰርሕ ኣይኽእልን።
11. ስሩዕን ህፁፅን ጉባኤ ይፅውዕ፤ ጉባኤ ዝካየደሉ ቦታን ይውስን።
12. መሸጣ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት፤ ውህብቶን ልቓሕን የፅድቕ።
13. ኣሳናዳይት ኮሚቴ ሓፈሻዊ ጉባኤ የጣይሽ።
14. ነቲ ናይ ማሕበር ስራሕቲ ኣድለይቲ ዝኾኑ ኮሚቴታት ከጣይሽ ይኽእል።
15. ናይ ክብሪ ኣባል ይኹን ፍሉይ ኣባል መልሚሉ ናብ ኣፈሻዊ ጉባኤ የቕርብ።
16. ኣብ ዓንቀፅ 16/1/ ካብ ሀ-ነ ዘሎ ሕልው ኮይኑ ናይ እቲ ማሕበር ዓቕምን ቀፃሊ ምዕባለን ኣብ ግምት ብምእታው ነቲ ናይ ማሕበር ስራሕ ኣሳልጦን ብቕዓትን ኣድላይ ኮይኑ እንትርከብ ተወሰኽቲ ክፍልታት ከጣይሽ ይኽእል።
17. ስራሕቲ ማሕበር በቢ ሰለስተ ወርሒ ፀብፃብ ብመራኸቢ ሓፋሽ ይገልፅ።
18. ካብ ገበርቲ ሰናይ ትካላት፥ ካብ ወፃኢ ዝነብሩ ተወልድትን ፈተውቲ ኢሮብን ዝተረኸበ ዝርዝር ሃፍቲ፥ ናይ ለኣኺ ሽም፥ ኣድራሻን ዝለኣኾ መጠን ገንዘብን ብምግላፅ በብሰለስተ ወርሒ ኣብ ናይ ማሕበር መርበብ ሓበሬታ /Web site/ የፍልጥ።
19. ዝተፈለየ ናይ ስራሕ ብልጫ ንዘርኣዩ ኣባላት ማሕበር ክሽልም ይኽእል።
20. ጉባኤ ዝህቦ ካልኦት ስራሕቲ ይፍፅም።

## ዓንቀፅ 21. ኣኼባን ኣወሃህባ ድምፅን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ

1. ስሩዕ ኣኼባ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ጊዜ ይካየድ።
2. ንኡስ ዓንቀፅ 1 ሕልው ኮይኑ ህፁፅ ኣኼባ ንምፅዋዕ ዘገድድ ኩነታት እንተሃሉ ብዳይርክተር ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ህፁፅ ኣኼባ ክፅዋዕ ይከኣል።

3. ልዕሊ ፍርቂ ኣባላት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ኣብ ኣኼባ እንትርከቡ ምልኣተ ጉባኤ ከም ዝተማልአ ይቑፀር።
4. ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ብግልፂ እንተዘይፈቒዱ ዝኾነ ኣባል ኣብ ኣኼባ ብኣካል ተረኺቡ ድምፂ ክህብ ኣለዎ።
5. ኩሎም ኣባላት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ማዕረ ድምፂ ይህልዎም።
6. ውሳነ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ብኣብዘሓ ድምፂ ይሓልፍ።
7. ንኡሳት ዓናቕፅ 5፣ 6፣ ሕልዋት ኮይኖም ኣባላት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ማዕረ ድምፂ እንትህልዎም ዳይርክተር ዘለዎ ድምፂ ተፈፃሚ ይኸውን።
8. ስነ-ስርዓት ኣወሃህባ ድምፂ ፍትሓዊ፤ነፃን ግልፅን ይኸውን።
9. ዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎ ኣባል ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ኣብ ቃለ ጉባኤ ዝተፈለየ ሓሳቡ ናይ ምስፋር መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 22 ስራሕን ሓላፍነትን ዳይርክተር

1. ተፀዋዕነቱ ንሓፈሻዊ ጉባኤ ይኸውን።
2. ናይ ስራሕ ድልድል ይገብር፤ ስራሕቲ እቲ ማሕበር ክሳለጡ ይገብር።
3. ኣባላት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ናብ ስራሕ ይምድብን ይቆፃፀርን።
4. ናይ ጨንፈራት ስራሕቲ ብላዕለዋይነት ይመርሕን ይቆፃፀርን።
5. ናይ ቤት ፅሕፈት ስራሕቲ ይከታተልን ይቆፃፀርን።
6. ትልሚ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ይትልምን ፀብፃብ የቕርብን።
7. ምስ መንግስታውን ዘይምንግስታውን ትካላት ርክብ ይገብር፤ ምስ 3ይ ወገን ውዕሊ ይኣስር። ኣድላይ እንተኾይኑ ናይ ሕጊ ጠበቃን ኣማኻርን ክውክል ይክእል።
8. ዳይርክተር ብዋና ፈራሚ ስራሕ መካየዲን ሒሳብ ሹምን ብመማረፂ ፈረምቲ ብምኳን ናይ ባንኪ ቸክ ይፍርሙ።

## ዓንቀፅ 23. ስራሕን ሓላፍነትን ምክትል ዳይርክተር

1. ተፀዋዕነቱ ንዳይርክተር ይኸውን።
2. ዳይርክተር ኣብዘየለሉ ናይ ዳይርክተር ስራሕ ተኪኡ ይሰርሕ።
3. ብዳይርክተር ወይ ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዝወሃቡዎ ካልኦት መደባት ይፍፅም።

## ዓንቀፅ 24. ስራሕን ሓላፍነትን ፀሓፊ

1. ተፅዋዕነቱ ንዳይርክተር ይኸውን።
2. ምስ ዳይርክተር ብምኳን ንኣኼባ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዝኸውን ኣጀንዳ የዳሉ።
3. ደብዳቤታት የርቅቕ፤ ኣታውን ወፃእን ይገብር።
4. ቃለ ጉባኤ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ይሕዝ።
5. ክብሪ ማህደር የዳሉ።
6. ናይ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራድሕ መዛግብትን ሰነዳትን ይሕሉ ክሕሎ ይገብር።
7. ዳይርክተር ወይ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዝሃቡዎ ካልኦት ስራሕቲ የተግብር።

## ዓንቀፅ 25. ስራሕን ሓላፍነትን ኦዲትን ቁፅፅርን ኮሚቴ

1. ተፀዋዕነቱ ንጠቕላላ ጉባኤ ይኸውን።
2. በዝሒ ኣባላት ኦዲትን ቁፅፅርን ኮሚቴ ሰለስተ ይኾኑ።
3. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተጠቐሰ ሕልው ኮይኑ ዝሓሸን ቅልጡፍን ስራሕ ንምስራሕ ኦዲትን ቁፅፅርን ኮሚቴ ሰብ ሞያን ካልኦት ኣባላትን ሓገዝቲ ክገብር ይኽእል። ኣሰራርሓን ኣተሓሕዛ ሰነዳትን ኣመልኪቱ ድጋፍ ይህቡ።
4. ጠቕላላ ንብረትን ገንዘብን ማሕበር ይቆፃፀርን ይፍትሽን።
5. መዛግብቲ ሒሳብ ማሕበር ይምርምር።
6. ዝርዝር ንብረትን ሚዛን ሒሳብን ከምኡ'ውን ካልኦት ኣገደስቲ (ኣድለይቲ) ዝኾኑ ሰነዳት ሓቅነቶም የፃሪ ።
7. ምንቅስቓስ ስራሕ ማሕበር በዚ ደንቢ መሰረት ይፍፀሙ ምህላዎም የረጋግፅ።
8. ሓቅነት ፀብፃብ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ የረጋግፅ።
9. ኣግባብ ምሕደራ ገንዘብን ንብረትን ማሕበር ይቆፃፀር።
10. ኣድላይ ኣብ ዝኾነ ግዜ ሃንደበታዊ ምፅራይ የካይድ።
11. ከይዲ ፕሮጀክታትን ካልኦት ምንቅስቓሳትን እቲ ማሕበር ይምርምር።
12. ኣብ ከይዲ ስራሕ ዘጋጠሙ ፀገማት ንኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ የፍልጥ።
13. ተቐባልነት ብዝረኸቡ መዐቀኒታት ኦዲት መሰረት ኦዲት ፀብፃብ /ሪፖርት/ ኣዳሊዩ ንሓፈሻዊ ጉባኤን ንኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ የቕርብ።
14. ብጉባኤ ዝተመረፁ ኣባላት ኦዲትን ቁፅፅር ኮሚቴ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

| ተ.ቁ | ሽም ዝርዝር | ስራሕ ሓላፍነት |
|---|---|---|
| 1 | ኣይተ ሃ/ስላሴ መድህን ጊደይ | ዳይርክተር |
| 2 | ኣይተ ሓጎስ የውሃንስ ወልዱ | ም/ዳይርክተር |
| 3 | መም/ር ናይዝጊ ኪሮስ ተኽሉ | ፀሓፊ |

## ዓንቀፅ 26. ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚቴ ድስፕሊን

1. ኮሚቴ ድስፕሊን ብርኪ ብማሕበር በዝሓም 5 ኮይኖም ብሓፈሻዊ ጉባኤ ይምረፁ ተፀዋዒነቶም እውን ንሓፈሻዊ ጉባኤ ይኸውን።
2. ብጨንፈር ብርኪ ዝምረፁ ድስፕሊን ኮሚቴ 3 ኮይኖም ብኣባላት እቲ ጨንፈር ይምረፁ፤ ተፀዋዒነቶም እውን ንኣባላት ጨንፈር ይኸውን።
3. ኣብ ዓንቀፅ 54 ካብ ንኡስ 2 ክሳብ 6 እዚ ደንቢ ብዝተዘርዘሩ ጥፍኣታት ዝተኸሰሰ ናይ ኣመራርሓ ጥፍኣት ኣፃሪዩ ውሳነ ሓሳብ ናብ ሓፈሻዊ ጉባኤ የቕርብ።
4. ኣብ ንኡስ ቁፅሪ 3 እዚ ዓንቀፅ መሰረት ንዝተኸሰሰ ኣመራርሓ ጨንፈር ከሚቴ ዲሰፕሊን ኣፃሪዩ ውሳነ ሓሳብ ናብ ጨንፈር ኣባላት የቕርብ።
5. ናይ ኣባላት ስነ-ምግባር ይከታተል።

6. ኣብ ሞንጎ ኣባላት ዝተፍጠሩ ጎንፅታት ብኢጋኦም ብሰለማዊ መንገዲ ክፍትሑ ፃዕሪ ይገብር።
7. ብሓፈሻዊ ጉባኤ ዝተመረፁ ኣባላት ሹም ዝርዝር ኮሚቴ ዲሲፕሊን ዝስዕቡ እዮም።

| ተ.ቁ | ሽም ዝርዝር | ዜግነት | ኣድራሻ | መብረሂ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ኣይተ ባህታ ሓጎስ ገብሩ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | |
| 2 | ወ/ሮ ራውዳ ግርማይ በርሀ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | |
| 3 | ኣይተ ደስታ ካሕሳይ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | |
| 4 | ኣይተ ሃይለ ደበሳይ ኣብራሃ | ኢትዮጵያዊ | መቐለ | |
| 5 | መ/ምር ኣበበ በርሀ የሴፍ | ኢትዮጵያዊ | ዳውሃን | |

## ዓንቀፅ 27 ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚቴታት ጨናፍር

1. ኣብ ውሽጢ ሃገርን ክልልን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ብዝኣመነሉ ንስራሕ ክዐውታ ብዝኽእላ ኣገባብ ይውደባ።
2. ኣብ ወፃኢ ዓዲ ብመሰረት ኣህጉር ወይ ሃገር ወይ ስተይት ይውደባ።
3. ኣመራርሓ ኣካላት ጨናፍር ብኣባላት ማሕበር ጨንፈር ይምረፁ።
4. ጨናፍር ኮሚቴ ዝምርሕሉ መምሪሒ ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ምስ ፀደቐሎም ተግባራዊ ይገብራ።
5. ገንዘብን ንብረትን ማሕበር ብኣግባቡ ክተሓዝ ይገብራ።
6. ናይ ወርሓዊ፣ ሰለስተ ወርሒ ፣ ሽድሽተ ወርሕን ዓመታውን ፀብፃብ ንዝመረፆም ኣባልን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን የቕርባ።
7. ናይ ስራሕ ዘመኖም እንትውዳእ ንብረትን ገንዘብን ማሕበር ኦዲት ብምግባር ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ንቐፃሊ ኮሚቴ የረክባ።
8. ብናይ ስነ ምግባር ጉድለት ወይ ብካሊእ ብቑዕ ምኽንያት ክሰርሑ ዘይክእሉ ኣባላት ኣመራርሓ ክወርዱ ብምግባር ክክንድኦም ካልኦት ኣባላት ብመረፃ ክትክኡ ይገብራ።
9. ኣመራርሓ ኣካላት ጨንፈር ማ.ል.ኢ. በቢ 3ተ ዓመት ይምረፁ።
10. ጨናፍር ኮሚቴታት ስርሖም ንምስላጥ ንኡሳን ኮሚቴታት ከጣይሹ ይኽእሉ።
11. ኣኼባ ጨንፈራት በቢዓመቱ ይካየድ፤ ኣብ እቲ ጉባኤ ኣፈፃፅማ ስራሕን ናይ ውሽጢ ኦዲት ውፂኢትን ሓዊሱ ካልኦት ኣገደስቲ ኣጀንዳታት ቀሪቦም ኣኼብተኛ ተመያይጡሉ ክፀድቕ ይግበር።
12. ውሳነታት ጨናፍር ብኣብዝሓ ድምፂ ይውሰን።
13. ካልኦት ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዝወሃበን ስራሕቲ ይሰርሓ።

Tigrai Interim Regional Justice Bureau Documents Authentication and Registration Directorate

13

**ዓንቀፅ 28. ንኣመራርሓ ንምምራፅ ዘብቅዑ መመዘኒታት**

ዝኾነ ኣባል ንኣመራርሓ ማለት እውን ንኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ፤ንኣመራርሓ ጨናፍርን ንኦዲትን ቁፅፅርን ክምረፅ እንተኾይኑ፦

1. ዕድመኡ ልዕሊ 18 ዓመት ዝኾነ
2. ብኣመራርሓ ንምግልጋል ፍቓደኛ ዝኾነ
3. ናይ ማሕበር ዕላማ ዝድግፍን ንተግባራውነቱ ዝቃለስን
4. ንዝሸየሞ ቦታ ዝምጥን ትምህርቲ፤ ክእለትን ብቕዓትን ዘለዎ
5. በዚ ደንቢ መሰረት ብወርሒ ክኽፈል ዝተወሰነ መዋጮ ዝኸፍል
6. ብሕጊ ወይ ብቤት ፍርዲ ናይ ምውዳብ መሰሉ ዘይተኸልከለ
7. ብገበን ግዕዝይና ተኸሲሱ ብቤት ፍርዲ ጥፍኣተኛ ዘይተብሃለን ብፅቡቕ ስነ ምግባር ዝፍለጥን።
8. ካብ ወልፊ፤ስኻርን መዐወንቲ ነገራትን ነፃ ዝኾነ
9. ብዲሞክራስያዊ ባህሪኡ፤ ብሓባር ናይ ምስራሕ መንፈሱ ዝፍለጥ ክኸውን ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 29. ግልጋሎት ዘበን ኣፋሻዊ ጉባኤ፤ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ኮሚቴ ኦዲትን ቁፅፅርን**

1. ግልጋሎት ዘበን ኣባላት ሓፈሻዊ ጉባኤ 3 ዓመት ይኸውን።
2. ንኡስ ዓንቀፅ 1 ናይ እዚ ድንጋገ እንተሃለወ'ውን ኣባላት ሓፈሻዊ ጉባኤ ን2ይ ግዜን ልዕልኡን ክምረፁ ይኽእሉ።
3. ግልጋሎት ዘበን ኣባላት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ፣ ኮሚቴ ኦዲትን ቁፅፅርን ኮሚቴ ዲስፕሊንን ሰለስተ ዓመት ይኸውን።
4. ንኡስ ዓንቀፅ 3 እዚ ድንጋገ እንተሃለወ እውን ዝተፈለየ ብቕዓትን ክእለትን ኣመራርሓ ብምርኣይ ኣብ እቲ ማሕበር ርኡይ ለውጢ ዘምፅኡ ኣባላት ን2ይ ግዜ ክምረፁ ይኽእሉ። ይኹን እምበር ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ብተኸታታሊ ካብ ክልተ ጊዜ ንላዕሊ ክምረፁ ኣይኽእሉን።
5. ኣብ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ቁፅሪ 4 ዝተሓገገ ሕልው ኮይኑ ካብ ዝወረድሉ ኣብ መበል 3ይ መረፃ ክምረፅ ይኽእል።
6. ኣባላት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ኮሚቴ ኦዲትን ቁፅፅርን ኮሚቴ ዲስፕሊንን ብዘይመሃያ የገልግሉ። ኮይኑ ግና ንናይ ማሕበር ስራሕ ኣብ ዝተዋፈርሉ እዋን ብናይ ፋይናንስ ማኑዋል መሰረት ውዕሎ ኣበል ክኽፈሎም ይኽእል።

**ዓንቀፅ 30. ስራሕን ሓላፍነትን ክፍሊ ትምህርቲ**

1. ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝረአዩ ፀገማት ሓይሊ ሰብን ናውቲ ትምህርትን ብምፍታሽ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ዝፍትሕሉ መንገዲ ምንዳይ።
2. ምስ ህዝቢ እቲ ከባቢ፣ ገበርቲ ሰናይን መንግስትን ብምትሕብባር ህንፃ ቤት ንባባት፣ ቤት ፈተነታትን ማእኸል መሰልጠኒ ሞያታት ምስራሕን ናውቲ ትምህርቲ ምምላእን።

Tigrai Interim Regional Justice Bureau Documents Authentication and Registration Directorate

3. ድሩት ናይ ኢኮኖሚ ዓቕሚ ንዘለዎም ተምሃሮ ናውቲ ትምህርቲ ክማልኣሎም ድጋፍ ምግባር ።
4. ፍሉይ ድጋፍን ክንክንን ዘድልዮም ኣካል ግዱኣት ተምሃሮ ትምህርቶም ብዘይስኽፍታ ዝመሃርሉ ሃዋህው ምፍጣር።
5. ካብ ዝተሓተ ክፍሊ እስካብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ንዝርከቡ ተምሃሮ ትምህርቲ ከየቋርፁ ክትትል ምግባር፣ ምኽረ ሓሳብን ስልጠናታታት ብምሃብ ኣብ ትምህርቲ ፀብለልታ ንከርእዩ ፃዕሪ ምግባርን ፀብለልታ ንዘርአዩ ተምሃሮ ምትብባዕን ምሽላምን።
6. መላእ ህዝቢ ኢሮብ ንድኽነት ኣሸኒፉ ናብ ዝለዓለ ናይ ልምዓት ብርኪ ዝሸጋገረሉ እንኮ መማረፂ ኣብ ዓውደ ትምህርቲ ብዘመዝግቦ ዓወት ኣቢሉ ምዃኑ ፈሊጡ ኣብዚ መዳይ ብምሉእ ዓቕሚ ብምርብራብ ፀገማት ትምህርቲ ዝፈትሕ ሳይንሳውን ተክኖሎጂካውን ዝተደገፈ ፅንዓት ምክያድ፣ ኣብ ቴክኖሎጂ፣ ፈጠራን ICTን ብዕቱብ ምንቅስቓስ ምግባር።

**ዓንቀፅ 31 ስራሕን ሓላፍነትን ክፍሊ ዕቀባን ምዕባለን ባህሊ፤ ቋንቋ፤ ታሪኽን መንነትን**

1. ህዝቢ ኢሮብ ካብ ጎዳእትን ድሑራትን ባህልታትን ልምድታትን ነፃ ወፂኡ እቶም ንምዕባለ እዛ ዓዲ ወሳኒ ተራ ዘሎዎም ባህልታትን ልምድታትን ኣስጢሙ ብምሓዝ ኣብ ቀፃሊ ጉዕዞ እዛ ዓዲ ዓሻርኡ ክቕምጥ ምግባር።
2. ኣብ ኢሮብ ዝርከቡ ቅርስታትን ታሪክን ስልጣነን መንነትን ኢሮብ ካብ ምፍላጥ ሓሊፎም ናይ ትምህርትን እቶትን ምንጬ ስለ ዝኾኑ እኹል ሓለዋን ክንክንን ክግበረሎም ምግባር።
3. ቋንቋ ኢሮብ ከም ሓደ ሰረት ክብሪ ኢሮበቶት ብምውሳድ ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ካሪክለም ተጠናኺሩ ብምቅፃል ክምዕብል ምግባር።
4. ኣብ ኢሮብ ኣብ ትግበራ ዝነበሩን ዘለዉን ንመስሕብነት ቱሪዝም ዝውዕሉ ባህላዊ ፀወታታት ተፀኒዖምን እኹል ናይ ምፍላጥ ስራሕቲ ተገይርሎምን ንልምዓት እዛ ዓዲ ክውዕሉ ምግባር።
5. ናይ ህዝቢ ኢሮብ ታርክ፣ ባህሊን መንነትን ዝገልፁ መፃሕፍቲ ምሕታም።
6. ኣብ ቕርስታት፤ ፀጋታት፤ ክብርታት፤ ቋንቋን ፤ ታሪኽ ፤ ባህልን መንነትን ኢሮብ ብዝምልከት ምርምርን መፅናዕትን ዘካይዱ፣ መፃሕፍቲ ዝፅሕፉን ዝተፈላለዩ ናይ ስነ-ጥበብ ስራሕቲ ናብ ህዝቢ ዘቕርቡን ኢሮበቶት ይኹኑ ፈተውቲ ኢሮበቶት ኣድላይ ዘበለ ሓገዝ ምግባርን ምትብባዕን ።
7. ኣብ ባህላውን ታሪኻውን ሓድግታት እቲ ከባቢ ብሰብ ሞያ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ብምግባር ሓድግታትን ዕቑር ታሪኽን ህዝቢ ኢሮብ ምሕብሓብን ንመፃኢ ወለዶ ኣብ ምትሕልላፍ ዓብይ ግደ ምፅዋት።

## ዓንቀፅ 32. ስራሕን ሓላፍነትን ክፍሊ ስነ ሞያን ፅንዓትን ምርምርን

1. ሰብ ሞያ ኣባላት ማሕበር ብሞያኦም ብምውዳብ ብሳይንስን ቴክኖሎጂን ዝተደገፈ ፅንዓት ብምክያድ ፀገም ማሕበረሰብ ክፍትሕ ምግባር።

2. ኣብ ቕርስታት ፤ ፀጋታት ፤ ክብርታት ፤ ቋንቋ ፤ ታሪክ ፤ ባህልን መንነትን ኢሮብ ዝምልከት መፅናዕትን ምርምርን ምክያድ፣ ኣብ ዝተኻየዱ ምርምራትን መፅናዕትታትን ሕብረተ ሰብ ክሳተፍ ብምግባር ምስ ዝምልከቶም ምሁራትን ሰብ-ሞያን ኢሮብቶት መድረኻት ምድላው።

3. ኣብ ከባቢና ዘለዋ ናይ ግልጋሎት ትካላት ናይ ምፍፃም ዓቕመን የፅንዕ፤ ብኣፈፃፅማን ኣሰራርሓን ፀገም ዘለወን ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ኣብ ፅንዓት ዝተመርኮሰ መፍትሒ ይናዲ።

## ዓንቀፅ 33. ስራሕን ሓላፍነትን ክፍሊ ምልዕዓል፤ ምውዳብን ርክብ ህዝብን

1. ህዝቢ ናይ ማሕበር ጠቓምነት ተገንዚቡ ኣባል ማሕበር ክኸውን ጎስጓስን ምልዕዓልን ይገብር።
2. በቲ ማሕበር ዝተሰርሑ ስራሕትን ንቐፃላይ ብትልሚ ዝተትሓዙ ስራሕትን ንኣባላት ማሕበር፣ ንመንግስቲ፣ ንገበርቲ ሰናይን ካልኦት ፈተውትን ደገፍትን ማሕበር ሓበሬታ ይህብ።
3. ካብ ኣባላትን ነባራይ እቲ ከባብን ርእቶ ብምትእኽኻብ ንቐፃላይ ብከመይ ክቕፀል ከምዘለዎ ሓበሬታ ይእክብ።
4. ኣብ ማሕበር ዘለዉ ምዕባለታትን ድኽመታትን ብዕምቆት ብምክትታል ኣብ ህዝቢን ማሕበርን ዝተርኣዩ ድኽመታት ንክመሓየሹ ይገብር።

## ዓንቀፅ 34. ስራሕን ሓላፍነትን ክፍሊ ጥዕና

1. ፀገማት ጥዕና ዝፈትሑ ሳይንሳዊ ፅንዓትን ምርምርን ምክያድ።
2. ኣብ ኢሮብ ዝርከባ ትካላት ጥዕና ብመንግስቲ ዘይተሸፈነ ናውቲ ብምፍላይ ሕክምናዊ መሳርሒታትን መሳለጥያታትን ብምምላእ ግልጋሎት ንክህባ ምግባር።
3. ምስ ህዝቢ እቲ ከባብን ናይ ልምዓት ትካላትን ገበርቲ ሰናይን ብምትሕብባር በቢጣብኡ ዘሎ ሕፅረት ቀረብ መድሓኒት ንምምላእ ፃዕሪ ምግባር።
4. መላእ ህዝቢ ኢሮብ ኣብ ሓለዋ ውልቀን ከባብን ፅሬት ከምኡ ድማ ኣብ ምክልኻል ሕማምን እኹል ግንዛበ ክህልዎ ብምግባር ሕብረተሰብ ካብ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዓርሱ ክከላኸል ሞያዊ ግንዛበ ምፍጣር።
5. ፍሉይ ድጋፍ ንዘድልዮም ወገናት ኣድላይ ዘበለ ሕክምናዊ ግልጋሎትን ክንክንን ንክረኽቡ ፃዕሪ ምግባር።

**ዓንቀፅ 35. ስራሕን ሓላፍነትን ክፍሊ ኣቕርቦት ፅሩይ ማይን መሰረተ ልምዓትን**

1. ናይ ሕብረተሰብ ናይ ማይ ፀገማት ዝፈትሑ ሳይንሳዊ ፅንዓትን ምርምርን ምክያድ።
2. ሕፅረት ፅሬቱ ዝተሓለወ ዝስተ ማይ ዘለዎም ከባቢታት ብምፅናዕ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምትሕብባር ዘላቒ ፍታሕ ንምምፃእ ምፅዓር።
3. ህዝቢ እቲ ከባቢ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ሃፍቲ ማይን ናይ ክረምቲ ማይን ብከመይ ኣገባብ ክጥቀመሉ ከም ዝግባእ ብመፅናዕቲ ዝተደገፈ ትምህርቲ ምሃብ።
4. ማእኸላት መዘናግዒ መናእሰይ ምስራሕን ንኸስርሑ ምግባርን።
5. ፕሮጀክትታት ብምቅራፅን ህዝቢ ምትሕብባርን ናይ ከተማን ገጠርን መንገድታት ንክስርሑ ፃዕሪ ምግባር።

**ዓንቀፅ 36. ስራሕን ሓላፍነትን ክፍሊ ስልጠናን ህንፀት ዓቕምን ሓይሊ ሰብን**

1. ምስ ዝምልከቶም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብምትሕብባር ናይ ስራሕ ዕድል ንዘይረኸቡ ስልጠና ረኺቦም ዓርሶም ዝኽእሉሉ ዕድል ንክረኽቡ ምችቻው።
2. እቶት ሕርሻ ንምዕባይ ዝተፈላለዩ ግብርና ተንከፍ ዘመናዊ ስልጠናታት ምሃብ።
3. ብቋንቋ፣ ኮምፒተር፣ ስነ-ቁጠባ፣ ሒሳብን ካልኦት ዓውድታትን ምስ ዝምልከቶም ኣካላትን ብሰናይ ድሌት ንዝሰርሑ ሰብ ሞያታት ተወለድትን ፈተውትን እቲ ከባቢ ብምኳን ስልጠና ንዘድሊዮም ኣካላት ስልጠና ምሃብ።

**ዓንቀፅ 37. ስራሕን ሓላፍነትን ክፍሊ ስነ-ምግቢ፤ ሕርሻ፤ ምንክብኻብ ስነ ከባብን ሃፍቲ ተፈጥሮን**

1. ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋፅ ብሳይንስን ተክኖሎጂን ዝተደገፈ ፅንዓትን ምርምርን ንኽካየድ ምግባር።
2. ኣብ ኢሮብ ንምግብነት ኣብ ዝውዕሉ ኣዝርእትን ስነ-ምግብን ኣመልኪቶም ምርምር ንዘካይዱ ምሁራት እኹል ሓገዝ ምግባርን ምትብባዕን፣ ኣብ ዝተመረፁ ኣዝርእትን ጉዳያት ስነ-ምግብን ምሁራት ምርምር ንክካይዱ ፃውዒት ምግባር።
3. ፕሮጀክትታት ብምቕራፅን ህዝቢ ብምልዕዓልን ንምግቢ ዝውዕል ምህርቲ ዘምርት ፋብርካ ምትካል።
4. ህዝቢ ኢሮብ ካብ ባህላዊ ኣጠቓቕማ ሕርሻ ወፂኡ ዘበናውን ብተክኖሎጂን ዝተደገፈ ኣሰራርሓ ንክጥቀም ምልዕዓልን ስልጠናታት ምሃብን።
5. ብሰንኪ ስእነት ዝተመጣጠነ ምግቢ ንዘጋጥም ፀገማት ንምፍታሕ ህዝቢ ብምልዕዓል ንምግብነት ዝውዕሉ ተኽልታት ንኽተክል ምግባርን ዘበናዊ ሜላ መፍረ እንስሳ ክጥቀም ስልጠናታት ምሃብን።
6. ህዝቢ ኢሮብ ረብሓ ዕቀባ ማይን ሓመድን ፈሊጡ ንክሰርሕን ተኽሊታት ብምትካል፣ ኣግራብን እንስሳተ ዘገዳምን ንክይበርሱ ምስ ዝምልከቶም ኣብያተ ፅሕፈታት ብምኳን ንህዝቢ ትምህርቲ ንክወሃብ ምግባር።

**ዓንቀፅ 38. ስራሕን ሓላፍነትን ክፍሊ መናእሰይን ስፖርትን ጎዳእቲ ልምድታትን ኣረኣእያታትን**

ኣብ ኢ.ሮብን ከባቢኡን ዝረኣዩ ዝተፈላለዩ ጎዳእቲ ኣረኣእያታትን ልምድታትን ኣለው። እዞም ጎዳእቲ ልምድታትን ኣረኣእያታትን ንምጥፋእ እዞም ዝስዕቡ ተግባራት ክስርሑ እዮም።

1. ጎዳእቲ ልምድታት ሕብረተሰብ ዝፈትሑ ሳይንሳዊ ፅንዓትን ምርምርን ምክያድን ምይይጣት ምድላውን።
2. መናእሰይ ኢ.ሮብ ዘሎዎም ናይ ስፖርት ተኽእሎ /potential/ ውፅኢታዊ ንምግባር ምቹው ኩነታት ምፍጣር።
3. ካብ ዓቅምኻ ንላዕሊ ዝኾነ መርዓ፣ ተስካር፣ ክርስትና፣ ፀበልን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዝባኽን ግዜን ንክተርፍ ኣስተምህሮ ምሃብ።
4. ህዝቢ ኣብ ስደት፣ ልዕሊ ዓቐን መስተ፤ ምትካኽ ሽጋራን ካልኦት መዐወንቲ ንጥረ ነገራትን ዘለዎም ሓደገኝነት ብምግንዛብ መናእሰይ ኣብ ትምህርቲ፤ ሕርሻን ንግድን ብምስምራይ ክልወጡ ዝኽእሉ ምኺኖም ንቕሓት ምፍጣር።

**ዓንቀፅ 39. ስራሕን ሓላፍነትን ክፍሊ ፍሉይ ሓገዝ ዘድልዮም ወገናት**

1. ኣብ ሕማቕ መነባብሮ ዘለዉ ወገናት ጠዋሪ ዘይብሎም ኣረጋውያን ሓገዝ ምግባር
2. መዕበይ ዘይብሎም ህፃውንቲ ምድጋፍ
3. ኣካል ጉድኣት ምሕሓብን ምድጋፍን
4. HIV/ADIS ኣብ ደሞም ዘለዎም ወገናትን ካልኦት ሓብሓብን ጠዋርን ንዘይብሎም ወገናትን ደገፍ ምግባር።

**ዓንቀፅ 40 ስራሕን ሓላፍነትን ደቂ ኣንስትዮ**

- ደቂ ኣንስትዮ ኢ.ሮብ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ማዕረ ተጠቀምቲ ክኾና ጥጡሕ ባይታ ምምችቻው።
- ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀም ፀታዊ ጥቕዓት ምውጋድ።
- ብሰንኪ ድሑር ባህሊ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍፀም ኣድልዎ መቕረፍ።
- ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን ዘጋጥሙወን ተፈጥሮኣዊ ብድሆታት ብምግንዛብ ፍሉይ ክንክን ክረኽባ ምግባር።
- ደቂ ኣንስትዮ ኢ.ሮብ ኣብ ልዕሊኣን ዝበፅሕ ዝነበረ ታሪኻዊ፤ ባህላውን ካልኦት ወፅዓታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ፍሉይ ሓገዝ ክረኽባ ምግባር።

## ዓንቀፅ 41. ስራሕን ሓላፍነትን ኣካያዲ ስራሕ

1. ተፀዋዕነቱ ንፈፃሚ ኮሚቴ ስራሕ ይኸውን
2. ናይ ማሕበር ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ብሕግን ኣሰራርሓን መሰረት የመሓድር፤ድሕንነቶም እውን የረጋግፅ።
3. ብፈፃሚ ኮሚቴ ስራሕ ብፅሑፍ ምስ ተፈቐደሉ ማሕበር ምስ 3ይ ወገን ዝገብሮ ውዕላትን ካልኦት ርክባትን ንማሕበር ወኪሉ ይሰርሕ።
4. ናይ ማሕበር ዓመታዊ ስትራተጂክ ትልሚ ክዳሎ ይገብር፤ ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ምስ ፀደቐ ተግባራዊ ይገብር።
5. ናይ ማሕበር ቤት ፅሕፈት በጀት የዳሉ፤ ብፈፃሚ ኮሚቴ ስራሕ ምስ ፀደቐ የመሓድር።
6. ናይ ሰራሕተኛታት መሃያን ካልኦት ጥቕማ ጥቕምን ንኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ እናፍለጠ ይፍፅም።
7. ማሕበር ኣታዊ ዝረኽበሉ መንገዲ ይሕንፅፅ።
8. ንማሕበር ፅላማ ዝውዕል ዝተፈላለዩ እቶት ዘርክቡ ፕሮጀክትታት ኣዳሊዩ ንፈፃሚ ኮሚቴ ስራሕ የቕርብ፤ ምስ ተፈቐደሉ ንገበርቲ-ሰናይ ወይ ካዓ ለገስቲ ትካላት የቕርብ፤ኩነታቱ ንኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ብእዋኑ የቕርብ፤ መልሲ ምስ ተረኸበ ተግባራዊ ይገብር።
9. ሓፈሻዊ ጉባኤ ብዘውፅኦ ደንብን ነዚ ደንቢ ሲዒቦም ብዝወፁ መምርሒታትን መሰረት ሰራሕተኛታት ይቖፃፀርን የመሓድርን።
10. ብዛዕባ እዚ ምንቅስቓስ ማሕበር እዋናዊ ፀብፃብ ናብ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ የቕርብ።
11. ንቤት ፅሕፈት ዘድልዩ ሰራሕታኛታት ንምቑፃር ናብ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ሕቶ የቕርብ።
12. ዳይርክተር ብዋና ፈራሚ ስራሕ መካየዲን ሒሳብ ሹምን ብመማረፂ ፈረምቲ ብምኳን ናይ ባንኪ ቸኽ ይፍርሙ።
13. ነዚ ደንቢ መሰረት ብምግባር ማሕበር ስራሕቱ ንምስራሕ ዘኽእልዎ መምርሒታትን ማኑዋላትን ኣዳሊዩ ናብ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ የቕርብ።
14. ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዝወሃቡዎ ካልኦት ስራሕቲ ይፍፅም።

**ምዕራፍ ሰለስተ**

**ኣባልነት ማሕበር**

## ዓንቀፅ 42. ኣባልነት

ማ.ል.ኢ. እዞም ዝስዕቡ ኣባላት ይህልዉዎ።

1. ውልቀ ኣባል
2. ትካላዊ ኣባል
3. ክብሪ ኣባል

### ዓንቀፅ 43. መዐቀኒ ረቋሒ ኣባልነት

1. ዝኾነ ሰብ ዕድመኡ 18 ዓመት ዝመልአን ኣባል ንምዃን ፍቓደኛ ዝኾነን።
2. በዚ ደንቢ ብወርሒ ክኸፈል ዝተወሰነ መዋፅኦ ዝኸፍል
3. ናይ ማሕበር ዕላማ ዝድግፍን ንተግባራውነቱ ዝቃለስን
4. ብሕጊ ወይ ብቤት ፍርዲ ናይ ምውዳብ መሰሉ ዘይተኸልከለ
5. ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ትካል ኮይኑ ናይ ማሕበር ኣባል ንምዃን ፍቓደኛ ዝኾነ።
6. ኣብ እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1፣ 2፣ ዝተሓገገ ሕልው ኮይኑ ትሕቲ 18 ዓምት ዝኾኑ ህፃናት ንልዕሊ 18 ዓመት ዝተቐመጡ ግዴታታት ኣብ ልዕሊኦም ተፈፃምነት ዘይብሉ ኮይኑ ነዚ ማሕበር ብገንዘብ፤ ብንብረትን ቴክኖሎጅን ክድግፉ ዝደልዩ ተረከብቲ ማ.ል.ኢ. ስለ ዝኾነ ክሳተፉ ይኽእሉ። ንዝኸፍልዎ ክፍሊት ድማ መረጋገፂ ቅቢሊት ክወሃቦም ይግባእ።

### ዓንቀፅ 44. ሙሉእ ኣባል ዝበሃል

1. ናይ'ቲ ማሕበር ዕላማ ኣሚኑ ሕጊን ደንብን እቲ ማሕበር ዘተግብር
2. ዓቕሙ ብዝፈቐዶ ብገንዘብ ፣ ብሞያ ፣ ብማተርያል ወዘተ ዝሕግዝ

### ዓንቀፅ 45. ተሓባበርቲ ኣባላት ዝበሃሉ

ፈተውትን ደገፍትን ማ.ል.ኢ. ዝኾኑ ውልቀ ሰባት፣ ህዝባዊ ማሕበራት፣ ገበርቲ ሰናይ ማሕበራት (NGOs) ፣ መንግስታዊ መሓውራት፣ ሃይማኖታዊ ትካላት፣ ኤምባሲታት ወፃኢን ካልኦት ትካላትን የካትት።

### ዓንቀፅ 46. መሰል ኣባልነት

1. ዝኾነ ኣባል ኣብ ናይ ማሕበር ጉባኤ ክሳተፍ፤ ክመርፅ፤ ክምረፅ፤ ክድግፍ፤ ክቃወም፤ ክውስንን ሓሳብን ሪእቶን ብነፃ ክቕርብን ይኽእል።
2. ዝኾነ ኣባል ንማሕበሩ ኣታዊ ናይ ዝገብሮ ገንዘብ፤ ብዓይነት ናይ ዝለገሶ ሃፍቲ፤ ብጉልበትን ብሞያን ዘበርከቶ ናይ መረጋገፂ ደረሰይ ናይ ምርካብ መሰል ይህልዎ።
3. ዝኾነ ኣባል ብዛዕባ ምንቅስቓስ ማሕበር እኹል ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።
4. ዝኾነ ኣባል ናይዚ ማሕበር ምንቅስቓስ ናይ ምክትታል መሰል ኣለዎ።
5. ዝኾነ ኣባል ኣብ ዝኾነ እዋን ካብ ኣባልነት ናይ ምልቓቕ መሰል ኣለዎ።
6. ዝኾነ ኣባል ናይ ኣባልነት መለለይ ወረቀት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።
7. ዝኾነ ኣባል ንማሕበር ዓቕሚ ዘጎልብትን ከምኡ'ውን ንተገልጋሊ ማሕበር ዝኾነ ህዝቢ ኢሮብ ዝጠቅምን ሓደሽቲ ሓሳባትን ኣተሓሳስባታትን ብፅሑፍ ይኹን ብኻልእ መንገዲ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎ ።
8. ዝኾነ ኣባል ኣታውን ወፃእን ናይቲ ማሕበር ናይ ምፍላጥ መሰል ኣለዎ።

9. ዝኾነ ይኹን ኣባል ብዛዕባ ኣብቲ ማሕበር ዝነበሮ ሓላፍነት፣ ኣገልግሎትን ኣባልነትን ኣመልኪቱ ካብቲ ማሕበር ናይ ፅሑፍ መረዳእታ ናይ ምሕታትን ምርካብን መሰል ኣለዎ።
10. ዝኾነ ኣባል ኣብ ዝኾነ እዋንን ቦታን ብዛዕባ ናይዚ ማሕበር ዕላማ ንህዝቢ ናይ ምፍላጥ መሰል ኣለዎ።
11. ዝኾነ ኣባል ወርሓዊ መዋጮ ክሳብ ሓደ ዓመት ብሓደ ግዘ ጠቕሊሉ ናይ ምኽፋል መሰል ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 47. ግቡእ ኣባል

1. ዝኾነ ኣባል ነዚ መተሓዳደሪ ደንብን ነዚ ደንቢ ሲዒቦም ዝወፁ መምረሒታትን ናይ ምኽባርን ክኽበር ናይ ምግባርን ግቡእ ኣለዎ።
2. ዝኾነ ኣባል ወርሓዊ መዋጮ ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለዎ።
3. ዝኾነ ኣባል ንዝተህውቦ ሓላፍነት ብቅንዕና፤ ብትግሃትን ተኣማንነትን ናይ ምግልጋል ግቡእ ኣለዎ።
4. ዝኾነ ኣባል በቢ ብርኩ ዝርከቡ ኣካላት ኣመራርሓ ዘመሓላልፉዎ ውሳነ ናይ ምፍፃም ግቡእ ኣለዎ።
5. ዝኾነ ኣባል ዝተውሃቦ መደብ ስራሕ ንምፍፃም ኣብ ሰዓቱ ናይ ምርካብ ግቡእ ኣለዎ።
6. ዝኾነ ኣባል ንኣኼባን ፃውዒት እንትግበረሉ ኣብ ዝተበሃሎ ቦታን ግዜን ናይ ምርካብ ግቡእ ኣለዎ።
7. ዝኾነ ኣባል ብናይ ኣብዝሓ ድምፂ ተገዚኣይ ናይ ምኻን ግቡእ ኣለዎ።
8. ዝኾነ ኣባል ናይ ማሕበሩ ገንዘብን ንብረትን ምክንኻን፣ ምሕላውን ብእግባቡ ናይ ምሓዝን ግቡእ ኣለዎ።
9. ዝኾነ ኣባል ብሞያኡ ተወዲቡ ኣብ ዝተመደቦ ስራሕ ናይ ምስራሕ ግቡእ ኣለዎ።
10. ዝኾነ ኣባል ግቡኡ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ዘየድሕን ምኻኑ ናይ ምፍላጥ ግቡእ ኣለዎ።

## ዓንቀፅ 48. ፍልፍል እቶትን ክፍሊት ኣባልነትን

1. ፍልፍል እቶት ማ.ል.ኢ፦
   ሀ. ካብ ኣባላት ካብ ዝርከብ ክፍሊት፤ መዋጮን ሓገዛትን
   ለ. ኣብ ኢሮብን ካብ ኢሮብ ወፃእን ዝተፈላለዩ ናይ እቶት መተኣኻኸቢ መድረኻት ብምድላው ዝርከብ እቶት
   ሐ. ካብ እዚ ማሕበር ዘንቀሳቕሶም ናይ ቢዝነስ ትካላትን ዘካይዶም ንግዳዊ ምንቅስቃሳትን ዝርከብ ትርፊ
   መ. ካብ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ትካላት፤ ሰብ ሃፍቲ ኢሮበቶትን ፈተውቲ ልምዓት ኢሮብ ዝኾኑ ማሕበረሰብ ዓለምን ዝርከብ ሓገዛት
   ረ. ፕሮጀክት ብምቕራፅ ካብ ዝርከብ እቶት።

2. ወርሓዊ ክፍሊት ኣባላት ግዜ፤ ኩነታትን ናይ ምክፋል ዓቕምን ብምግንዛብ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ክመሓየሽ ዝኽእል ኮይኑ ዝተሓተ መበገሲ ክፍሊት ክምዝስዕብ ይኸውን፦

ሀ. ን1$^{ይን}$ 2$^{ይን}$ ተምሃሮ 5 ብር ኣብ ወርሒ

ለ. ናይ ላዕለዎት ትካላት ተምሃሮን ጥሪተኛታትን 10 ብር ኣብ ወርሒ

ሐ. ንሓረስቶት 10 ብር ኣብ ወርሒ

መ. ነጋዶ ብርኪ ሀን ለን 100 ብር ኣብ ወርሒ

ረ. ብርኪ ሐ ነጋዶ 30 ብር ኣብ ወርሒ

ሰ. ወርሓዊ መሃያኡ ትሕቲ 5,000 ብር ዝኾነ ቁፃር ሰራሕተኛ 20 ብር ኣብ ወርሒ

ሽ. ወርሓዊ መሃያኡ ካብ 5,000–15,000 ብር ዝኾነ ቁፃር ሰራሕተኛ 30 ብር ኣብ ወርሒ

ቀ. ወርሓዊ መሃያኡ ልዕሊ 15,000 ብር ዝኾነ ቁፃር ሰራሕተኛ 50 ብር ኣብ ወርሒ

በ. ትካለት ኣብ ዓመት 120 ብር

ተ. ንኣባላት ማ.ል.ኢ. ዲያስፖራ 10 ዶላር ብወርሒ

3. ካብ ዝኾነ ፍልፍል ዝርከብ ገንዘብ ናብ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዝኸፍትዎ ባንኪ ሐሳብ ማ.ል.ኢ. ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን።

4. ካብ ዝኾነ ፍልፍል ዝተረኸበ ገንዘብ ናብ ሒሳብ ባንኪ ማ.ል.ኢ. ኣታዊ ከይተገበረ ምንቅስቓስ ወይ ምክፋል ዝተኸልከለ እዩ።

5. ካብ እዚ. ወፃኢ. ተኸፊቱ ኣብ ዝፀንሐ ባንኪ ሒሳብ፤ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ኣብ ዘይፈልጦ ባንኪ ሒሳብ ማሕበር ይኹን ውልቀ ሰብ ገንዘብ ኣብ ምልኣኽ ኮነ ምቕባል ዝተኸልከለ እዩ።

## ዓንቀፅ 49. ምቁራፅ ኣባልነት

1. ሓደ ኣባል ብድልየቱ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣባልነት ማሕበር ከቋርፅ ይኽእል።
2. ብዘይብቑዕ ምኽንያት ብተኸታታሊ ንልዕሊ 6$^{+}$ ወርሒ ክፍሊት ኣባልነት ዘይከፈለ ኣባልነቱ ብድልየቱ ከምዘቛረፀ ይሕሰብ።
3. ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ንማ.ል.ኢ. ኣብ ዝጎድእ ተግባር እንተተሳቲፉ
4. ብሕጊ ወይ ብቤት ፍርዲ ናይ ምውዳብ መሰሉ እንተተኸልኪሉ።
5. ዝኾነ ኣባል ብዝኾነ ምኽንያት ኣባልነቱ እንትቋረፅ ብዓይነት ይኹን ብገንዘብ ዝኸፈሎ ሃፍቲ ኣይምለሰሉን።

1. 2. 3

## ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

### ዓንቀፅ 50. ምልመላ ኮሚቴ

1. ሓገዝ ንዘድልዮም ወገናት ዝመልምል ኮሚቴ ከካብ ጣብያኡ ብህዝቢ ይምረፅ።
2. ኣባላት ምልመላ ኮሚቴ ነፃን ገለልተኛን ይኾኑ።
3. ኣባላት ምልመላ ኮሚቴ ናይ ደቂ ኣንስተዮ ተሳትፎ ኣብ ግምት ዘእተወ ኮይኑ በዝሑም ሓሙሽተ ኮይኖም ከካብ ቁሽቱ ይምረፁ።
4. ምልመላ ኮሚቴ ሓገዝ ዘድልዮም ወገናት ብዝተውሃቦም መመልመሊ ሮቛሒ መሰረት መልሚሎምን ኣብ ህዝቢ ኣፅዲቖምን ን ጨንፈር ዳውሃን ማ.ል.ኢ. ወይ ንዝምልከቶ ኣካል እቲ ማሕበር የረክቡ።

### ዓንቀፅ 51. ፍሉይ ባንክ ሒሳብ ምንቅስቓስ ብዝምልከት

1. ኣብ ዓናቅፅ 21/8/ን 39/12/ን ዝተደንገገ ሕልው ኮይኑ ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ውሳነ ብስሩዕ ቸክ ፈረምቲ ናብ ፍሉይ ናይ ባንኪ ሒሳብ ኣታዊ ዝተገበረሎም ገንዘብ ስራሕ መካየዲን ሒሳብ ሹምን ቸክ እናፈረሙ ከንቀሳቅሱ ይኽእሉ።
2. ኣብ ንኡስ ቁፅሪ 1 እዚ ዓንቀፅ መሰረት ኣብ ዝኸፈት ፍሉይ ናይ ባንኪ ሒሳብ ብስሩዕ ቸክ ፈረምቲ ካብ ዝመሓላለፍ ገንዘብ ወፃኢ ካልእ ገንዘብ ኣብዚ ናይ ባንኪ ሒሳብ ኣታዊ ምግባር ዝተኸልከለ እዩ።

### ዓንቀፅ 52. ቅፅዓት

1. ናይቲ ማሕበር ሰነዳት ዘበላሸወ፣ ዘጭበርበረ፣ ኣብ ግሊ ጥቕሙ ዘውዓለ
2. ስልጣኑ ብዘይ ኣግባብ ዝተጠቐመ፥ ናይ ግዕዝይና ተግባር ፈፂሙ ዝተረኸበ።
3. ናይ ማሕበር ምሽጢር ብምብኻን ናይ ማሕበር ጥቕሚ ናብ ሓደጋ ዘውደቐ።
4. ነቲ ማሕበር ዘየድሊ ዕላማ ዘካይድ።
5. ናይቲ ማሕበር ንብረትን ገንዘብን ዘጥፍአ።
6. ካብ ሕግን ሰርዓትን ወፃኢ እቲ ማሕበር ዝሰርሐ።
7. ብዓሌት፤ ከባብያውነት፤ ሃይማኖትን ብካልኦት ተመሳሰልቲ ነገራት ዝሰርሐ
8. ካልኦት ተመሳሰልቲ ናይ ስነ-ምግባር ጉድለታት ፈፂሙ ዝተረኸበ።
9. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተዘርዘሩ ጥፍኣታት ዝፈፀመ ኣመራርሓ ካብ ስልጣን ዝወርድ ኮይኑ ኣመራርሓ ይኹን ኣባል ኣብ ማ.ል.ኢ. ዘብፀሖ ጉድኣት እንድሕር ሃሊዩ ብገበንን ፍታብሔርን ተሓታቲ ይኸውን።

### ዓንቀፅ 53. ኣመራርሓ ካብ ስራሕ ዝእገደሉ ምኽንያት

1. ብግዕዝይና እንድሕር ተጠርጢሩ።

2. ንማሕበር ኣብ ዝፅንቀፍ ስራሕቲ እንድሕር ተሳቲፉ።
3. ሓሳቡ ናይ ምግላፅ መሰሉ ሕልው ኮይኑ ምስ መሳርሕቱ ተስማፅሚዑ ክሰርሕ እንድሕር ዘይኪኢሉ።

## ዓንቀፅ 54. ኣመራርሓ ካብ ስልጣን ዝወርደሉ ምኽንያት

1. ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ኣብ ዝተመደበሉ ናይ ማሕበር ስራሕ ክሰርሕ እንተዘይኪኢሉ።
2. ስነ ምግባር ጥሕሰት ፈፂሙ እንተተረኺቡ።
3. ማሕበር ካብ ዝተጣየሸሉ ዕላማ ወፃኢ እንተሰሪሑ።
4. ንማሕበር ናብ ሓደጋ ዘውድቕ ሚሽጥር እንድሕር ኣባኺኑ።
5. ኣብ ናይ ስርቂ ገበን ተዋፊሩ እንተርኪቡ።
6. ማሕበር ንሃይማኖት፤ ፖለቲካ፤ ከባብያውነት፤ ዝምድና፤ ዕርክነትን ቅርበትን ዘውዓለ ወይ ንኽውዕል ዝገበረ።

## ዓንቀፅ 55. በጀት ዓመት እዚ ማሕበር

በጀት ዓመት እዚ ማሕበር ካብ ሓምለ/1 ክሳብ ሰነ/30 ይኸውን።

## ዓንቀፅ 56. ምምሕያሽ ደንቢ

እዚ ደንቢ ይኹን ኣብ ውሽጡ ዝርከቡ ሕጋገታት ክከም ኣድላይነቶም እናተገምገሙ ብሓፈሻዊ ጉባኤ ክመሓየሹ ዝኽእሉ፦

1. ነዚ ደንቢ ብሙሉኡ ንምምሕያሽ ካብ ኣባላት ጉባኤ እንተነኣሰ 75% እንትሓቲ ብኣጀንዳ ይተሓዝ።
2. ብሰብ ሞያ ሕጊ እቲ ማሕበር መመሓየሺ ሓሳብ እንትቀርብ ብኣጀንዳ ይተሓዝ።
3. ናይ ምምሕያሽ ሕቶ ንዳይርክተር ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ፤ ፀሓፊ፤ ንሕጊ ክፍልን ንኣካያዲ ስራሕ ናይ እቲ ማሕበርን ብፅሑፍ ክቐርብ ኣለዎ።
4. መተሓዳደሪ ደንቢ ዝመሓየሽ ካብ ፍርቂ ንላዕሊ ኣባላት ኣብ ዝተረኽብሉ 75% ድምፂ እንትረክብ እዩ።

## ዓንቀፅ 57. ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታት

ቅድሚ እዚ ደንቢ ኣብ ስራሕ ዝነበረ ደንቢ፣ መምርሕታትን ማኑዋላትን ማ.ል.ኢ. ተሳዒሮም ኣሎዉ.



1- 2. 3

### ዓንቀፅ 58. ብዚ ደንቢ ዘይተሸፈኑ ጉዳያት

ኣብዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ንዘይተሸፈኑ ጉዳያት ተዛማድነት ዘለዎም ናይ መንግስቲ ሕግታት ተፈፃምነት ይህልዎም።

### ዓንቀፅ 59. ናይ መወዳእታ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዘለዎ ቅዳሕ

ናይዚ ደንቢ ቅዳሕ ትግርኛ ናይ መወዳእታ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዘለዎ ሰነድ እዩ።

### ዓንቀፅ 60. ስልጣን ምውፃእ መምርሕን ማኑዋልን

ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ነዚ ደንቢ መፈፀሚ ዝርዝር መምርሒን ማኑዋላትን ናይ ምውፃእ ስልጣን ኣለዎ።

### ዓንቀፅ 61. መሰልን ግቡእን ብዛዕባ ምትሕልላፍ

ብቢሮ ፍትሒ ተመዝጊቡ ብዕለት 8 ሓምለ ጥቅምቲ 1995 ዓ/ም ብቑፅሪ -------ናይ ምስክር ወረቐት ተዋሂቡዎ ናይ ዝነበረ ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ መሰልን ግቡእን ብመሰረት እዚ ሕገ ማሕበር ከም ሓዲሽ ናብ ዝቖመት ማሕበር ልምዓት ኢ.ሮብ ተሓላሊፉ ኣሎ።

### ዓንቀፅ 62. ውህደትን ምቕያርን ማሕበር

እቲ ማሕበር ናብ ዝተፈላለዩ ካልኦት ማሕበራት ዝከፋፈል፤ ምስ ካሊእ ተመሳሲሊ ማሕበር ወይ ገባሪ ሰናይ ትካል ዝወሃሃድ፤ ናብ ካሊእ ገባሪ ሰናይ ትካል ዝቕየር ብ¾ ድምፂ ሓፈሻዊ ጉባኤ እንትውሰን እዩ።

### ዓንቀፅ 63. ምፍራስ ማሕበር

1. እቲ ማሕብር ዝፈርስ ብ75% ድምፂ ኣባላት ሓፈሻዊ ጉባኤ እንትውሰን እዩ።
2. ሓፈሻዊ ጉባኤ እቲ ማሕበር ንምፍራስ እንትውስን ንምፍራስ ካብ ዝተወሰነሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3ተ ወርሒ ብኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ናይ ንብረት ዝርዝር ተዳሊዩ ምስ መፍረሲ ውሳነ ተተሓሒዙ ንኤጀንሲ የቕርብ።
3. ሓፈሻ ጉባኤ እቲ ማሕበር ንምፍራስ እንትውስን ናይቲ ማሕብር ንብረት ኣብ ወረዳ ንዝሰርሕ ተመሳሳሊ ዕላማ ንዘለዎ ማሕበር እንተዘይሃሊዩ ድማ ንቤት ምኽሪ ወረዳ ኢ.ሮብ የረክብ።

### ዓንቀፅ 64. ደንቢ ዝፀንዐሉ እዋን

እዚ ደንቢ ብኤጀንሲ ምዝገባ፤ ምርግጋፅ ሰነዳትን ወሳኒ ኩነት ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት ጀሚሩ ፀንዑ ይኸውን።

ኣብ ግዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
ቢሮ ፍትሒ
ዳይሬክቶሬት ምርግጋፅን ምዝገባን ሰነዳት
ቁፅሪ 084/95
ኣብ ቅድመይ ቀሪቡ ፊሪሙ
ዕለት 4/12/2015 ዓ/ም

ጎይቶኦም ዘሚካኤል ወ/ገብረእግዚ
Goitom Zemicael W/gebre
ጉጅለ መተሓባበሪ ምዝገባን ምሕደራ ማሕበራት
የማሕበራት ምዝገባና አስተዳደር ቡዱን መሪ
Registration and Administration of
Associations Organaizations
Case Team Coordinater